# እወ እወ ይርሓሱና
# ቆጽሊ ኣውዲቅናሎም ኣሎና

ምርሑ ሓቡሩ መንገዲ
ዘእቱ ንዓዲ እወ ንዓዲ
ክንናባበር ብሕጊ እንዳባ
ትመስል ኣላ እዛግዜ ቀሪባ
ህዝቢ ደሃይ ሃባ እወ ሃባ
ሒጂ ብተሎ ተሎ
እዚ ነውራም ዲክታተር ክዕሎ
ላለየ ላሎ ለብዘበን ሓዲኡሎ
ሕረስ ሓረስታይ
ንገድ ነጋዳይ
ሸቅል ሸቃላይ
ጺዒርካ ሪሂጽካ ስድራካ ንምእላይ
ወይልካ ህግደፍ እየ ባሃላይ
ንህዝብና ገራፋይ ቀታላይ
ዘይ መርየቱ ዘማታይ ተዓዳላይ
ይሕሸኩም ብሰላም ካብ ስልጣን ምእላይ
ተዓጠቅ ውጹዕ ህዝቢ
ሕጂ ንእሽቶ ዕቢ
ጭራ ነብሪ ኣይትሓዝ ተሒዝካ ኣይትስደድ
ገዋ በል ኣይትሳናበድ
ፀሓይና መሊኣ ክትብል ቀደድ
ህዝብና ከይጠሚ ከይሓስሞ ከይስደድ
ኣብዓዲ ዘለና ኣብስደት
ክትወግሓልና ደልያ ከደት ከደት
ሕጂ ሃገራዊ ዋዕላ
ፍልልይ ዘይብላ
ቆላ ከበሳ
ክተሓዋወሳ
ኩለን ቢሄራት
ከም ርግኼ ጥሙራት
ኩለን ሃይማኖት
ክነብራ ብጸሎት
ቅዋም ክትግበር
ሕጊ ክዝውተር
መሰል ሰብ ክክበር
ወላዲ ክከብር
ውላድ ክነብር
ህውከት ክሓልፍ
ሰላም ክተርፍ
ውልቀ መላኪ ክጸድፍ
ባርነት ክተርፍ
ኪዳን ምርሑና
ቆጽሊ ኣውዲቅናልኩም ኢና
መንገዲ ኣትሕዙና ክንስዕበኩም ኢና
ኣብ ክንዲ ነዓይ ንዓካ

በሉ ስጋይ ስጋካ
ሺመት ታይ ገባሪ
ታሪክ እዩ ነበሪ
ሓቅን ሕግን ተከተሉ
ንጽህና እዩ ልዕሊኹሉ
ሓልዮት ህዝብኹም ወስኹሉ
ህዝብኹም ክስዕበኩም ሔራይ ኢሉ
ህዝብኹም ርኣይዎ
ኣብዝኣትዎ ጠፊእዎ
ረእይዋ ዓዲ
ኣብቃራና መንገዲ
ካብዓለም ተነጺላ
ተዳናጋጺ ዘየብላ
ኣማዕድዉ ንውሽጢሃገር
ህዝብኹም ብከመይ እነብር
ወለዲ ተኣሲሮም
ደቀም ንባርነት ተዋፊሮም
ተመኩሩ ካብዝሓለፈ
ከይድገም ኣብዝተረፈ
ኣለልዩ ብዕሊ
ህዝብኹም ታይ እደሊ
ዝያዳ ካብናይ ትማሊ
እጽበየኩም ኣሎ ብዓቅሊ
ኣጆኺ ኪዳነይ
ሎሚእያ ዘበነይ
ክልተሳዕ ኣዛርቢ
ህዝብኪ ኣክቢ ሓብሕቢ
ይተከል ትፈልሲ
ይብቀል ዲሞክራሲ
መሰል ንኹሉ
ፍልልይ ዘይብሉ
ሕጊ መለለይና
ዲሞክራሲ ዕላማና
ሓድነት መሰረትና
ቅዋም ዝሕላገትና
ደቂ ኤረይ ኩልና
ውድቀት ንወጻዕትና
ዝክሪን ክብርን ንስዉኣትና
ሕግን ፍትሕን መሰልን ዲሞክራስን
ንዘለና
ተስፋልደት/ገ